# <u>ኣንበሳ ሳሕል ክዓዝን ከሎ ጃንዳ ትቑዝም፡</u>




<u>በሊሕ በዓል ሙሉእ ዓቕሊ፡</u>
<u>ፈታውን ጸላእን ካብ ሩሑቕ ዘለሊ።</u>
<u>ናይ ትማል ዘይርስዕ ዘይዛነ ሎሚ፡</u>
<u>ጋህዲ እንተዘይ ኮይኑ ዘይኣምን ሕልሚ።</u>
<u>ጸላእትኻ ባህሪሮም ሰሚዖም ድምጽኻ፡</u>
<u>ረሲዖሞ ምኧንካ ኣንበሳ በረኻ።</u>
<u>ወዲ ሓላል መሬት ብጻይቶም ጀጋኑ፡</u>
<u>ዋርሳይ ደቅኻ በኣኻ ይሕበኑ።</u>
<u>ተምሳል ህዝቢ እንዲኻ ተምሳል ሃገር፡</u>
<u>ዕድል ዘይትህብ ንሰራቒ ፈገር።</u>

ዕድመ ዝሃቦ ብዙሕ ነገራት ክርኢ ዕድል ይረክብ። እዞም ኣብዚ ሕጂ መዋእል ዘሎና ከምቲ ስነ-ጥበባዊ ተኽሊክኤል ገብሩ (ወዲ ገብሩ) ዝበሎ እንቋዕ ንኹሉ ኣርከብናሉ። ገለ ንሰላም ሃገሩን ህዝቡን ክሰርሕ ከሎ፡ ጃንዳ ድማ ንነፍሳ ብራዕዲ ተዋሒጣ ንህዝባ ካብ ጭንቀታ ዝተላዕለ ብናይ ሓሶት ፈጠራ ግደ ሽቕረራን ፍርህን ጌራ ዕረፍቲ ከሊኣቶ ትርከብ። ኣብዚ ሕጂ እዋን መንግስታት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያ፡ ሶማልያ፡ ደቡብ ሱዳንን ንሰላምን ርግኣትን ህዝበንን ሃገረንን ዝሰርሓሉ ዘለዋ፡ እቶም ኩሉ ግዜ ብሓሶትን ቅጥፈትን ዝነብሩ መራሕቲ ህወሓት፡ ከካብ ተሾኲዖምሉ ዝጸንሑ ጎዳጉድ ከም ወኻሩ ቅልቅልቅልቅል እናበሉ ንዕዘብ።





ብድምጺ ኣንበሳ ዓቕሊ ዘጽበቡ ወኻሩ፡
ኣብ መቀለ ተኣኪቦም ራዕዶም ከካፍሉ።
ሓቂ ቀቢሮም ኣሉ ቀጣን ዝብሉ፡
ክሳብ መዓ ኮንዮ'ም ህዝቢ ከታልሉ።

ህወሓት ብልቦም ዝኣምኑዎ ብኣፎም ግን ዘይቅበሉዎ ካብ በሊሕን ጽኑዕን ህዝቢ ዝተወልደ፡ ብልሕን ጽንዓትን ኣንበሳ እምባ ደንደን (ፕረሲደንት ኢሰያስ ኣፍወርቂ) ኣብዚ ዝሓለፈ ቃለ መሕተት ምስ ተለቪዥን

ኤርትራ (ኤሪ-ቲቪ) ዝገበሮ፡ ንሰበ ስልጣን ማእለሊት ዶክቶር ዘይፈልጠ ሕማም ሃተፍተፍ ክሳብ ዘሕድረሎም ገሩዎም ኣሎ። መራሕቲ ወያነ ኣብዚ ናይ 45 ዓመት በዓሎም ኩሎም በብሓደ ዝመደሩዎ መደረ ብጀካ ስግኣትን ራዕድን እንተዘይኮይኑ ንሰላምን ሰናይ ጉርብትናን ዝዓለመት ቃል ዋላ ብጌጋ ትኹን’ውን ኣይመሎቖቶምን። ስለምንታይ ንዝብል ሕቶ ርዱእ’ዩ መስለኒ። ወያነ ኣብ ሰላም ዘባና ይኹን ኣብ ሰላም ኢትዮጵያ ረብሓ የብላን። ኩቡር ፕረስደንት ኢሰያስ ነቲ ልክዕ ባህርያት ወያነ ምስ ገለጸ ንጃንዳ ህጁም ደርሆ ኖቆ ኮይኑዩ ተሰሚዑዋ። እዚ ከኣዩ ኣንበሳ ሳሕል ክዓዝም፡ ጃንዳ ትቑዝም ዘበለኒ።

*ኩልና ኤርትራውያን ከነስተውዕለሉ ዘሎና ሓደ ነገር ኣሎ። ወያነ ህዝብና ክትበታትን ብኹሉ የዐውተኒ’ዩ ትብሎ ካብ ምስራሕ ደው ኣይበለትን ኣይክትብልን እያውን። ከንደይ ዑሱባት ቆጺራ፡ ክንደይ ተወሊጃ ከቲባ፡ ክንደይ ጥሙሓት ኣኪባ፡ ህዝቢ ንህዝቢ ዝብል ተንኮለኛ ጭርሖ ጨሪሓ፡ ዲጂታል መስሪታ፡ ሕጂ ብኣፍ ስዕረቱ ዘየሕፍሮ ስየ ዝበለቶ ነቲ እንግሊዝ ንኤርትራን ህዝባን ምኩዛይ (ምምቃል) ምዕራባዊ ቆላ ንሱዳን፡ ከበሳታት ንኢትዮጵያ ትመቕል ዝበሎ ስልቲ ክጥቀም ተበጊሳ ኣላ። ስየ ህዝቢ ከበሳዩ ንዓና ዝመስል፡ ንሱዩ ሓውና፡ ኣግኣዝያን ህዝቢ ትግራይ ትግሪኝ ኢና እዩ ዝብል ዘሎ። ህላ ብዘይ ምስቶዓል ደው ይበል። ካብ ተንኮል ዝገብሩኻ ተንኮል ዝምህሩኻ ይኸፍእ። ኤርትራዊ እቲ ንጃንዳ ቅንዕና ዝመሃረ፡ ሎሚ ካብ ጃንዳ ትንኩልና ክመሃር ዓገብ።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ገብረንጉስ መስመር